

**ስም ሕጹይ ፦** Alexis Mercedes Rinck (ኣሌክሲስ መርሰደስ ሪንክ)

**ስም ወፈራ፦** ኣሌክስስ ንሲያትል

**ወብ ሳይት ወፈራ፦** alexisforseattle.com

**ኣቀማምጣ ኣብ ከተማ፦** 8

**ቍጽሪ ተሌፎን ወፈራ፦** 206-705-9305

ምስ'ቲ ኣብ ምድጋፍ ፖሊሲታት ሰብኣዊ ኣገልግሎታትን ህዝባዊ ጥዕናን፣ መደባት ህጹጽ ምላሽ ስእነት ገዛ ኣብ ምምራሕ፣ ከምኡውን ኣብ University of Washington (ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግተን) ዘሎ ቍጠባዊ ፖሊሲታትን ባጀትን ኣብ ምምእዛን ዘለኒ ተሞክሮ፣ ነቶም ክህልዉና ዘለዎም ብ ርትዓዊ ዋጋ ዝቐርቡ መንበሪ ኣባይቲ ኣብ ምስፋሕ፣ ኩላትና ዝግበኣና ድሕንነት ዘለዎ ማሕበረሰብ ክህሉ ኣብ ምግባር፣ ነቶም ኣብ ቅልውላው ዘለዉ ሰባት ንምሕጋዝ ኣብ ዝውሰድ ስጉምቲ፣ ከምኡውን ማዕርነትን ዕድላትን ንምምሕያሽ ዘኽእሉ ናይ ማሕበረሰብ ወፍሪታትን ነቲ ዘለኒ ተሞክሮ ብምጥቃም ኣድላዪ ዝኾነ ክእለት ከበርክት እዩ።

እቲ ንምግልጋል ዘለኒ ቈራጽነት ኣብቲ ሎሚ ኣብ ሲያትል ዚነብሩ ብዙሓት ሰባት ዘሕለፍዎ ብሕታዊ ተመክሮ እተመስረተ እዩ። ካብ ኣብ ዓሰርተታት ዕድመኦም ጸገማት ኣብ ምሕላፍ ዝነበሩ ወለዲ ዝተረኽብኩን፣ ምስ ኣቦሓጎይን እኖሓጎይን ዝዓበኹ እዩ። ስድራ ቤተይ ዑደታት ቤት ማእሰርቲ፣ ኣደንዘዝቲ ነገራት ምውሳድ፣ ከምኡውን ግዳም ሓደር ምኳን ዜስዕቦም ስንባደ ዝፈጥሩ ኲነታት ዘጋጥሙዎም ዝነበሩ እዮም። ኣብ ማሕበረሰበይ ኣሳልጦ ንኽረክብ ዘኽኣለኒ ዕዉት ዝገበረኒ መገዲ ዝኸፈተለይ ደገፍ ብምርካበይ ዘመስግን ኮይነ፣ ኲሎም ኣብ ሲያትል ዚነብሩ መንእሰያት እውን ተመሳሳሊ ዕድላት ከም ዚረኽቡ ኽገብር እዩ ድልየተይ።

ኣብ ቤት ምኽሪ ከተማ ውጽኢታት ንምምጻእ ነቶም ካብ ህዝባዊ ርእይቶታት ዝሃነጽኩዎም ዘለዉኒ ኣራእያታትን ውዑይ ድልየትን ንምጥቃምን ኩሎም ተቐማጦ ሲያትል ድምጾም ክስማዕን ንምግባር ድልዊ እዩ። ሓደሽቲ ሓሳባት፣ ጒልበትን፣ መሪሕነትን ዝጠልቡ ህጹጽ ጠመተ ዘድልዮም ብድሆታት የጋጥሙና ኣለዉ። በቶም ካባኹም ዝርከቡ ቫውቸራትን ድምጽታት ምርጫን ተጠቒመ፣ ነታ ርትዓዊት፣ ተቐባሊት ጋሻን፣ ናይ ዝሓሸ መጻኢ መራሒትን ዝኾነት ሴያትል ክትህሉ ዘኽእል ጥብቅና ስጉምቲን ብምውሳድ ኣብ'ቲ ዝነበረኒ መዝገብ ጥብቅናይ ዝያዳ ኣበርክቶ ክውስኽሉ እዩ።

*እዚ ሕጹይ ተወዳዳሪ እዚ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ይሳተፍ ኣሎ።*



**ስም ሕጹይ፦** Tariq Yusuf (ታሪቕ ዩሱፍ)

**ስም ወፈራ፦** ታሪቕ ንቤት ምኽሪ

**ውብሳይት ወፈራ፦** tariqforcouncil.org

**ኣቀማምጣ ኣብ ከተማ፦** 8

**ቍጽሪ ተሌፎን ወፈራ፦** 206-395-9356

ዛንታይ ዛንታ ሲያትል እዩ። ካብ ኢንዶነዥያዊ ኣቦን ኣመሪካዊት ኣደን ተወሊደ፣ ኣብ'ተን ዝሓለፈ ዕስራ ዓመታት ለውጢን ዕብየትን ናይ'ዚ ዞባ ርእየ እየ። ወለደይ ኣብ ከም ብዓል ስልጣን መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል (Seattle Housing Authority) ዝኣመሰሉ ወሳንቲ ማሕበረሰባዊ መደባት መንግስትን ከተማን እዮም ዚምርኮሱ ነይሮም። ግዳም ሓደር ካብ ምኻን ክንድሕንን ዕዉት ህይወት ንኽንሃንጽን ሓጊዞምና እዮም። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግተን (University of Washington) ትምህርተይ ክውድእ፣ ኣብ ኢንዱስትሪ ተክኖሎጂ ዕዉት ሞያ ኽመርሕ፣ ናይ ገዛእ ርእሰይ ስድራ ቤት ከኣ ክጅምር ከኢለ። ወለደይ ብዙሕ እኳ ኣብ ሂወት እንተ ተቓለሱ፣ ርህራሀ፣ ሓልዮት፣ ፍትሕን ከም ዚህልወኒ ገይሮም እዮም ኣዕብዮምኒ፣ ነዞም ክብሪታት ድማ ናብ ቤት ምኽሪ ከተማ ከምጽኦ ተስፋ እገብር።

እቲ ናይ ኣመሪካ ሕልመይ ክብጻሕ ዝኽእል እዩ ነይሩ፣ እንተኾነ ግን እዚ ጉዕዞ እዚ ነዞም ሎሚ ዘለዉ ስድራቤታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣጸጋሚ እንዳኾነ ይኸይድ ኣሎ። እቶም ንታሪኸይ ከም ዚበጽሕ ዝገበሩኒ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ሕጂ ብቐሊሉ ኣይርከብቡን እዮም። ነዚ ክቕይሮ ድልየት ኣለኒ።

ናይ ከተማ መንግስቲ ኣብ ህይወትና ኣገዳሲ ግደ ኣለዎ፣ ኣባል ቤት ምኽሪ ከተማ ስለ ዝኾንኩ፣ ንኸም ወለደይ ዝኣመሰሉ ግዳይ ስእነት ገዛ ንምኻን ምስኣን ሓንቲ ናይ ክፍሊት ቼክ ዝቕርዮም ሰባት ክጣበቐሎም መደብ ኣውጺአ እየ። ብዘይንሕስያ ንማዕርነትን፣ ፍትሕን፣ ርህራሀን ብምጥባቕ፣ ነቶም ኣብ ሕብረተሰብ ኣዝዮም ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ብምሕጋዝ፣ ከምኡውን ሓድነት ዘለዎ ማሕበረሰብ ምእንቲ ኽንሃንጽ ንኹሉ ሰብ ብምሕጋዝ ነዛ ኸተማ መሊሰ ከበርክተላ መደብ ኣሎኒ።

*እዚ ሕጹይ ተወዳዳሪ እዚ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ይሳተፍ ኣሎ።*